# ውሽጣዊ መምርሒ

# ዓንዲ ሕጊ

## ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራስን ፍትሕን

## ጨንፈር ሽወደን

26/03/2017

# መእተዊ

ኣብ ሽወደን ንርከብ ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ 3ይ ጉባኤ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝጸደቐ ዕላማታት ቻርተርን ቅዋምን መሰረት ብምግባር እዚ ዝስዕብ ንውሽጣዊ ኣሰራርሓና ዝጠቅም ውሽጣዊ መምርሒ ዓንዲ ሕጊ ጨንፈር ሽወደን ነቐውም። ዕላማና፡ ነቲ ኣብ መሰረታዊ ሰነዳት ህዝባዊ ግንባር፡ ሃገራዊ ቻርተር፡ ውድባዊ ስርዓትን ውሽጣዊ ዲሞክራስን ዲስፕሊንን፡ ሰፊሑ ዘሎ ራእይ፡ ፕሮግራማት ሕጋጋትን ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራስን ፍትሕን ምትግባር ኢዩ።

***ተወሳኺ ዕላማታት***

1. ኣብ ሽወደን ዝርከቡ ኤርትራውያን ኣባላት ጨንፈር ሽወደን ንክኾኑ ምጽዓር።
2. ንሃገርና ብፖለቲካውን ቁጠባውን ሞያውን ሓገዛት ብምብርካት ዓቕሚ ክብ ንምባል ምጽዓር።
3. ልዑላውነት ሃገርና ኣብ ምሕላውን ምክልኻልን ፍሉይ ጻዕሪ ምግባር።
4. ኣብ ሞንጎ ህዝብታት፡ ኤርትራን ሽወደንን ዘሎ ዝምድናታት ክተርርን፡ ኣብ ከባቢና ሓያል ኤርትራዊ ኮም ክንሃንጽ ምጽዓር።

# ምዕራፍ 1

## *ስም*

1. እዚ መምርሒ’ዚ ”ውሽጣዊ መምርሒ ጨንፈር ህ.ግ.ደ.ፍ ሽወደን” ተባሂሉ ይጽዋዕ። (እዚ ንሓደ ጾታ ዚውክል መሲሉ ተጻሒፉ ዘሎ መምርሒ፡ ንኽልቲኡ ጾታ ብማዕረ ዝውክል ምዃኑ ይስመረሉ)።
2. ዕድመ እዚ መምርሒ፡ ካብ ጉባኤ ናብ ጉባኤ ዘገልግል ኮይኑ፡ ለውጢ ኪግበረሉ ኣብ ዘድልየሉ፡ ብክልተ ሲሶ ሓፈሻዊ ኣኼባ ጨንፈር ዝተረኸቡ ናይ ድምጺ መሰል ዘለዎም ኣባላት ክመሓየሽ ይኽእል ወይ ከኣ ብመምርሒ ማ/ቤት ጽሕፈትን ክመሓይሽ ይኽእል።

# ምዕራፍ 2

## *ግቡኣትን መሰላትን ኣባል*

**1. ጉቡኣት ኣባል**

i. ኩሉ ኣባል፡ ንውድባዊ ዕላማታትን መትከላትን ቀዳምነት ሂቡ ኪሰርሕን፡ ንሓድነትን ድሕነትን ውድብን ሃገርን ክከላኸል፡
ii. ብቐቡል ምኽንያት እንተዘይቦኰሩ፡ ኣብ ኩሉ ዚምልከቶ ውድባዊ ኣኼባታት ኪሳተፍ፡
iii. ክፍሊት ኣባልነት 45 ክራውን ኣብ ወርሒ ብእዋኑ ምኽፋል፡
iv. ኩሉ ኣባል ካብ ቂምን ቅርሕንትን ርሒቑ፡ ኣብ መንጎ ኣባላትን ህዝብን ንስኒትን ሓድነትን ንምድልዳል ኪሰርሕ፡
v. ካብ ኩሉ ትሕተ ሃገራዊ ዝምባለታት (ወገን፡ ዓሌት፡ ቀቢላ፡ ሃይማኖት...) ናጻ ኪኸውንን፡ ሃገር ካብ’ዚ ዓይነት ነውርታት ንምክልኻል ኪሰርሕ፡
vi. ብጨንፈር ይኹን ብጉጅለ ብሓባር ንዝሓልፉ ውሳኔታት ምፍጻም፡
vii. ሃገራዊ ጉቡኣት ምምላእ፡
viii. ኣብ ኩሉ ሃገራዊን ኮማውን ዕማማት ብኣብነት መሪሕ ብምዃን ምግልጋል፡
ix. ካብ ዝተጠርነፈላ ጉጅለ (ከተማ/ከባቢ) ብዝኾነ ምኽንያት ምስዝግዕዝ፡ ኣብ’ቲ ሓዲስ ከባቢ ኣብ ትርከብ ጉጅለ ተጠርኒፉ ውድባዊ ዕማማት ምክያድ(መሰነይታ ደብዳቤ ካብ ዝነበረላ ጉጅለ ሒዝካ ምኻድ ኣድላዪ እዩ )፡

**2. መሰል ኣባል፡**

i. ኣብ ዘዝምልከቶ ጽፍሒ ኣኼባታት፡ ኪሳተፍ፡ ርእይቶ፡ ሕቶን ሓሳባትን ከቕርብን ክዝትን፡
ii. ብዝተወሰደ ውሳነታት ዘይዓገበ ኣባል፡ በቲ ውሳነ ተቐይዱ እንዳሰርሐ፡ ዘለዎ ሕቶን ርእይቶን ዕቃበታትን ብሰንሰለታዊ መንገዲ ብጽሑፍን ግሉጽነትን ክሳብ ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ከበጽሕ፡
iii. ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ጨንፈር ሽወደን ኪመርጽን ክመርጽን መሰል ይውንን።

**3. ንጡፍ ኣባል፡**

i. ኣብ ዓመት እንተወሓደ 70% ካብ ኣኼባታት ኪሳተፍ፣
ii. ካብ ናይ 2 ዓመታት ንላዕሊ ዕዳ ወርሓዊ ክፍሊት ዘይብሉ፣
iii. ኩሉ ዝተዋህቦ ውድባዊ፣ ኮማዊን ሃገራውን ዕማማት ብዘይምግባዝ ዘተግብር፣
iv. ክሳብ ቅድሚ ክልተ ዓመት ኩሉ ሃገራዊ ጉቡኣቱ ዘማለአ ኪኸውን የድሊ

# ምዕራፍ 3

## ቅርጽን ኣቃውማን፣

### 1. ሓፈሻዊ ቅርጺን ዝምድናታት ስራሕን

i. ጨንፈር ሽወደን፣ ኣብ ትሕቲ ውድባዊ መትከላትን መምርሒታትን ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝነጥፍ ውዳበ ኮይኑ፣ ኣብ ትሕቲ ሙሉእ ምምእካል መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ይነጥፍ። ኣብ ትሕቲ ጨንፈር ሽወደን ኣባላት ዚውደቡለንን ዝነጥፉለንን ጉጅለታት ይህልዋ፣
ii. ኣብ ደረጃ ጨንፈር ሽወደን፣ ዝልዓለ ስልጣን ዝህልዎ ጉባኤ ጨንፈር ይኸውን፣
iii. ኣብ ሞንን ክልተ ጉባኤታት፣ ስራሕ ትመርሕን ተወሃህድን፣ እታ ኣብ ጉባኤ ትምረጽ ኣካየድቲ ሽማግለ ጨንፈርን፣ ሽማግለ ጉጅለ ኮይነን፣ በቲ ዚወሃበን ናይ ምምራሕ ሓላፍነት ተሓታትነተን ንጉባኤ ይኸውን፣
iv. ኣብ ሞንን ክልተ ጉባኤታት ዘሎ ግዜ ድማ ፖሎቲካዊ ተሓታትነት ጨንፈር ንቤት ጽሕፈት ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኢዩ፣
v. ነፍሲ-ወከፍ መሪሕነታዊ ጽፍሒ (ሽማግለ ጨንፈርን ሽማግለ ጉጅለን) ዝርዝራዊ ዕማማትን ሓላፍነታትን ይህልወን፣

### 2. ሽማግለ ጨንፈር

i. ኣብ ሽወደን ዘለዋ ጉጅለታት ህ.ግ.ደ.ፍ፣ ሽማግለ ጨንፈር የቘማ፣
ii. ሽማግለ ጨንፈር ብ 3 ኣባላት ትቐውም። ኣብ ጉባኤ ድማ ካብ ሓለፍቲ ጉጅለታት፣ ካድራትን፣ ብጉጅለታት ካብ ዝውከሉ ንጡፋት ኣባላትን ትምረጽ፣
iii. ንሳቶም ከኣ፣ ኣቦ/ኣደ መንበር፣ ጸሓፊ/ት፣ ናይ ቁጠባ ኮይኖም ይሰርሑ፣
iv. ሽማግለ ጨንፈር ኣብ ጉባኤ ትምረጽ፣ ኣብ ቀዳማይ ኣኼባ (ብቐጥታ ድሕሪ ምርጫ/ጉባኤ)፣ ብሓባራዊ መረዳእታ ምክፍፋል ስራሕ ኣብ ሞንን ኣባላታ ትገብር፣
v. ብደረጃ ጨንፈር ፡ ብሽማግለ ጨንፈር ዚምእከልን ዚምራሕን፣ ናይ ዞባ ተኸታተልቲ ብጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ ሽወደን ይሕረዩ፣
vi. ኮሚተታት ንቕሓት፣ ውደባን፣ ድለባ፣ ብደረጃ ሽወደን ከም ኣገዳስነቱ ይቖማ፣
vii. ሽማግለ ጨንፈር፣ ሰለስተ ወርሓዊ ጸብጻብ ናብ ቤትጽሕፈት ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ተቕርብ፣
viii. ሽማግለ ጨንፈር ብቀጥታ ተሓታትነታ ንቤት ጽሕፈት ህዝባዊን ኮማውን ጉዳያት ይኸውን። ኣብ ሽወደን፣ ናይ ምምልላእን ትግባረ ሓባራዊ ውጥን ስራሕን ምስ ሃገራዊ ሽማግለ ሽወደን ይህልዋ፣
ix. ክልተ ተቐጻጸርቲ ሽማግለ ጨንፈር ይምረጹ፣

### 3. ሽማግለ ጉጅለ፣

i. ጉጅለ እታ መሰረታዊት ውዳበ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኢያ፣
ii. ሓንቲ ጉጅለ ብዝወሓደ 7 ኣባላት ትቐውም።  ትሕቲ 7 ኣባላት ኣብ ሓደ ከባቢ ምስዝህልዉ፣ ኣብ ዝቐረበት ጉጅለ ይጥርነፉ። ግብራዊ ረጃሒታት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ኣብ ዝነብሩላ ከተማ፣ ውድባዊ ንጥፈታት ከካይዱ ይከኣል፣
iii. መራሕቲ ጉጅለ 3 ኣባላት ኣብ ዓመታዊ ኣኼባ ካብ ዝነጥፉ ኣባላት ትምረጽ፣
iv. ንሳቶም ከኣ፣ ኣቦ/ኣደ መንበር፣ ጸሓፊ/ት፣ ናይ ቁጠባ ሓለፍቲ ኮይኖም ይሰርሑ፣
v. ሽማግለ ጉጅለ፣ ኣብ ጉባኤ ትምረጽ፣ ኣብ ቀዳማይ ኣኼባ (ብቐጥታ ድሕሪ ምርጫ/ጉባኤ)፣ ብሓባራዊ መረዳእታ ምክፍፋል ስራሕ ኣብ ሞንን ኣባላታ ትገብር፣
vi. ሽማግለ ጉጅለ፣ ሰለስተ ወርሓዊ ጸብጻብ ናብ ሽማግለ ጨንፈር ህግደፍ ተቕርብ፣
vii. ሽማግለ ጉጅለ፣ ተሓታትነታ ንሽማግለ ጨንፈር ኢዩ። ናይ ምምልላእን ትግባረ ሓባራዊ ውጥን ስራሕን ኣብ ትርከበሉ ከተማ ምስ ሽማግለ ከተማ ይህልዋ፣

viii. ሽማግለ ጉጅለ፡ ድሕሪ ምዱብ ኣኼባታት፡ ዝርዝር ዝተሳተፉ ኣባላትን፡ ዘፍቀዱን፡ ብዘይፍቓድ ዚበኾሩን፡ ጹማቕ ጸብጻብን ፡ዝተላዕሉ ሕቶታትን ዚቐረቡ ርእይቶን፡ ደቓይቕ ኣኼባን ናብ ሽማግለ ጨንፈር ትልእኽ፡

# ምዕራፍ 4

## ዝርዝር ዕማማት ሽማግለ ጨንፈር

1. **ሓለፍቲ ሽማግለ ጨንፈር**
   i. ካብ ቤት ጽሕፈት ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ዝመጹ ውሳኔታትን መምርሕታትን ሓበሬታትን ኣብ ግብሪ የውዕሉ።
   ii. ጸብጻብ ስራሕት ኩነታት ስምዒታትን ድልየትን ጉጅለታት የመሓላልፍ።
   iii. ዲሲፕሊን ዝምድናታት ኣባላት ይሕልንን ይቆጻጸርን፡
   iv. ሓለፍቲ ጨንፈር ንክልተ ዓመት ይምረጹ።
2. **ኣቦ መንበር፡**
   i. ኣቦ መንበር፡ ኣብ መንጎ ክልተ ጉባኤታት ሰንሰለት ውድባዊ ቅርጺን መምርሕን ሓልዩ፡ ንኹሉ ንጥፈታት ምንቅስቓስ ህግደፍ ጨንፈር ሽወደን የወሃህድን ይመርሕን።
   ii. ምዱብን ህጹጽን ኣኼባ ሽማግለ ጨንፈር ይጽውዕን ይመርሕን፡
   iii. ወርሓዊ ኣኼባ ሽማግለ ጨንፈር ይጽውዕን ይመርሕን
3. **ጸሓፊ፡**
   i. ኩሉ ደቓይቕ ኣኼባታት ይምዝግብ፡
   ii. ኩሉ ሰንዳት ጨንፈር ይዕቅብን ይከታተልን፡
   iii. ሰለስተ ወርሓዊ ጸብጻባት ጉጅለታት ይቕበልን ይከታተልን፡
   iv. ሰለስተ ወርሓዊ ጸብጻባት የዳሉን፡ ብክታም/ምጽዳቕ ኣቦ/ኣደ መንበር ናብ ቤት ጽሕፈት ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት የቕርብ።
   v. ጉዳይ ሰነዳትን ካርድ ኣባልነትን ይከታተል (ምስ ሓላፊ ውደባ ብምውህሃድ)፡
   vi. ካልእ ብኣቦ/ኣደ መንበር ዚወሃቦ ዕማማት ይፍጽም።
   vii. ኣቦ/ኣደ መንበር ኣብ ዘይህልወሉ ኣብ ክንዲ ኣቦ መንበር ኮይኑ ይሰርሕ።
4. **ቁጠባ፡**
   i. ብብጽፍሑ ዚካየድ ቁጠባዊ ንጥፈታት ብሓላፍነት የወሃህድ፡
   ii. ኣብ ዚምልከቶ ጽፍሒ ወርሓዊ ክፍሊት ኣባላት ተግባራዊ ምዃኑ ይከታተል፡
   iii. ሰለስተ ወርሓዊ ቁጠባዊ ጸብጻብ ናብ ኣቦ-መንበር የቕርብ፡
   iv. ካልእ ብኣቦ/ኣደ መንበር ዚወሃቦ ዕማማት ይፍጽም፡፡

# ምዕራፍ 5

## ዕማማት ሽማለ ጉጅለ

1. **ሓለፍቲ ጉጅለ**
   v. ካብ ጨንፈር ዝመጹ ውሳኔታትን መምርሕታትን ሓበሬታትን ኣብ ግብሪ የውዕሉ።
   vi. ጸብጻብ ስራሕት ኩነታት ስምዒታትን ድልየትን ኣባላት ናብ ጨንፈር የመሓላልፍ።
   vii. ዲሲፕሊን ጉጅለ ይሕልንን ይቆጻጸርን።
   viii. ሓለፍቲ ጉጅለ ንሓደ ዓመት ይምረጹ።
2. **ኣቦ መንበር ጉጅለ**
   i. ወግዓዊ ወኪል ጉጅለ እዩ። ኣብ መንጎ ክልተ ጉባኤታት ሰንሰለት ውድባዊ ቅርጺን መምርሕን ሓልዩ፡ ንኹሉ ንጥፈታት ምንቅስቓስ ጉጅለ የወሃህድን ይመርሕን።
   ii. ምዱብን ህጹጽን ኣኼባ ሽማግለ ጉጅለ ይጽውዕን ይመርሕን፡
   iii. ንጥፈታት ጉጅለ የወሃህድን ይቆጻጸርን ይከታተልን።
3. **ጸሓፊ ጉጅለ**

i. ኩሉ ርክባትን ደቃይቕ ኣኼባታት ይምዝግብ መዛግብ ማሕበር ይዕቅብ።
ii. ሰለስተ ወርሓዊ ጸብጻባት ጉጅለ የዳሉን፡ ብኪታም/ምጽዳቕ ኣቦ/ኣደ መንበር ናብ ሽማግለ ጨንፈር የመሓላልፍ፡
iii. ጉዳይ ሰነዳትን ካርድ ኣባልነትን ይከታተል (ምስ ሓላፊ ውደባ ብምውህሃድ)፡
iv. ካልእ ብኣቦ/ኣደ መንበር ዚወሃቦ ዕማማት ይፍጽም።
v. ኣቦ/ኣደ መንበር ኣብ ዘይህልወሉ ኣብ ክንዲ ኣቦ መንበር ኮይኑ ይሰርሕ።

4. **ተሓዝ ገንዘብ ጉጅለ**
i. ወርሓዊ ውጽኢት ኣባላት ጉጅለ ይእክብ፡
ii. ጸብጻብ ገንዘብ ጉጅለ የቕርብ የማሓላልፍን፡
iii. ንተሓዝ ገንዘብ ጨንፈር ዝተኣከበ ገንዘብ በብእዋኑ ጸብጻብ የሕልፍ፡
iv. ንብረት ውድብ ይዕቅብ፡

# ምዕራፍ 6

## ምቁጽጻር ገንዘብን ንብረትን፡

i. ኣብ ዝኾነ ጽፍሒታት ዘሎ ኣታዋን ወጻእን ገንዘብን ንብረትን ንምቁጽጻር ቅሩብ ይኸውን፡
ii. ኣብ ሞንጎ ዝነበሩን ሓደስቲ ዝተመርጹን ኣካየድቲ ኣካላት፡ ናይ ገንዘብ፡ መዛግብ፡ ሰነዳትን ንብረትን ምርኽኻብ ብተቖጻጸርቲ ይካየድ።
iii. ሙሉእ ፊናንሳውን ናይ ንብረትን ቁጽጽር ብጉቡእ ግሉጽነትን ፈጺማ ጸብጻብ ናብ ጉባኤ ተቕርብ።
iv. ጸብጻባት ተቖጻጻሪትን (ምስ ንጥፈታዊ ጸብጻብ ተጠሚሩ) ናብ ቤ/ጽ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ይለኣኽ።
v. ቤ/ጽ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ጽፍሕታት ጉጅለን ጨንፈርን፡ ኣብ ኣድላዪ ዚበሎ እዋን ዘድሊ ምቁጽጻር ኪገብሩ ይኽእሉ።
vi. ክልተ ተቆጻጸርቲ ኣብ ደረጃ ጉጅለን ጨንፈርን ይምረጹ።

# ምዕራፍ 7

## ጉባኤ

1. **ገደብ ግዜ**
i. ጉባኤ ጨንፈር፡ ኣብ ክልተ ዓመት ሓደ ግዜ ይካየድ፡ ጉባኤ ዝካየደሉ ግዜ ድማ ሽማግለ ጨንፈር ምስ ቤትጽሕፈት ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ብምርድዳእ ዕለት ጉባኤን ዘዕባታቱን ትውስን።
ii. ጉባኤ ጉጅለ፡ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ይካየድ። ጉባኤ ዝካየደሉ ግዜ ድማ ን ሽማግለ ጨንፈር ትሕብር።

2. **ቅጥዕታት ውክልና፡**
ኣብ ጉባኤታት ዚሳተፉ እዞም ዚስዕቡ ይኾኑ፡

ጉባኤ ጨንፈር
i. ቀወምትን (ተጠባበቕትን) ኣባላት ኣካየድቲ ኣካላት ኩለን ኣብ ውሽጢ ጨንፈር ዚርከባ ጽፍሕታት (ጨንፈር፡ ጉጅለ፡ ኣባልት ዕማምዊ ኮሚተ - ብደረጃ ጨንፈር)፡
ii. መምርሒ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ኣባላት ብዝምረጹ ወከልቲ ይኸውን፡

ብዝሒ ወከልቲ ጉባኤ ጨንፈር፡
ኣብ ጉባኤ ኩሉ ኣባል ክሳተፈሉ ኣብዘይክእል እዋን፡ ኣብ ታሕቲ ተራእዩ ዘሎ ዝንቕ ቁጽሪ ወከልቲ ኣባላት ጉጅለታት ከም ኣብነት ክወሰድ ይክኣል።

| ብዝሒ ኣባል ጉጅለ | መጠን | ብዝሒ ወከልቲ |
|---|---|---|
| 7 | 7/7 =1 | 1 |
| 13 | 13/7 =1.9 | 2 |
| 15 | 15/7 =2.1 | 2 |
| 20 | 20/7 =2.9 | 3 |

ጉባኤ ጉጅለ

ኩሎም ጉቡኦም ዘማልኡ ኣባላት፡ ብመሰረት ቅጥዕታትን መምርሕን ጨንፈር መሰል ሱታፌ ይውንን።

3. **ዕማማት ጉባኤ፡ ኣመራርሓን፡**

ጉባኤ ጨንፈር

i. ብሽማግለ ጨንፈር ዚቐርበሉ ጸብጻብ ይሰምዕን ኣብ ጸብጻብ ይዝትን የጽድቕን፡
ii. ዓመታዊ ናይ ስራሕ ገምጋም ይገብር፡ የጽድቕን፡
iii. ኣብ ውሽጣዊ መምርሒ፡ ዚመሓየሽ ኣንተሎ፡ ይርኢ ይካታዕን የማሓይሽን የጽድቕን፡
iv. ሽማግለ ይመርጽ፡
v. ክልተ ዝኣባላታ ተቆጻጻሪት ኮሚተ ይመርጽ፡
vi. ብደረጃ ዞባ ኪትግበር፡ ኪመሓየሽ፡ ኪተኣታቶ ንዘለዎ ኣገባባትን ስራሓትን እማመን የቕርብ፡

ኣመራርሓ፡

- ጉባኤ፡ ብቤ/ጽ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት እንዳተኣልየ ካብ ውሽጢ ጉባኤኛታት ሰክረታርያት (3 ዝኣባላታ) ይመርጽ፡
- እታ ዝተመርጸት ሰክረታርያ ነቲ ጉባኤ ትመርሖ፡

ጉባኤ ጉጅለ

i. ብሽማግለ ጉጅለ ዚቐርበሉ ጸብጻብ ይሰምዕን ኣብ ጸብጻብ ይዝትን የጽድቕን፡
ii. ዓመታዊ ናይ ስራሕ ገምጋም ይገብር፡ የጽድቕን፡
iii. ኣብ ውሽጣዊ መምርሒ፡ ዚመሓየሽ ኣንተሎ፡ ይርኢ ይካታዕን የማሓይሽን የጽድቕን፡
iv. ኣካያዲ ኣካል ይመርጽ፡
v. ክልተ ዚኣባላታ ተቆጻጻሪ ኮሚተ ይመርጽ፡
vi. ብደረጃ ጨንፈር ኪትግበር፡ ኪመሓየሽ፡ ኪተኣታቶ ንዘለዎ ኣገባባትን ስራሓትን እማመ የቕርብ፡

ኣመራርሓ፡

- ጉባኤ፡ ብ/ወኪል ሽማግለ ጨንፈር እንዳተኣልየ ካብ ውሽጢ ጉባኤኛታት ሰክረታርያት (3 ዝኣባላታ) ይመርጽ፡
- እታ ዝተመርጸት ሰክረታርያ ነቲ ጉባኤ ትመርሖ፡

4. **ምልኣተ ጉባኤ**

- ምልኣተ ጉባኤ፡ 2/3 (ክልተ ሲሶ) ናይ ኣባላት ጉባኤ ይኸውን፡
- እቲ ቁጽሪ እንተዘይተረኺቡ፡ 24 ሰዓታት ተዋሂብዎ እንተዘይተመሓይሹ፡ ብ1/2+1 (ፍርቂ ተደመሮ ሓደ)፡ ጉባኤ ስርሑ ይጅመር፡
- ረቛሒ 1/2+1 እንተዘይተማሊኡ፡ ሓዲሽ ጉባኤ ኣብ ውሽጢ ወርሒ ተጸዊዑ፡ ብዝተረኽቡ ኣባላት ጉባኤ ይካየድ፡
- ብፍቓድ ዚቦኾሩ ኣባላት፡ ኣብ ቁጽሪ ምልኣተ ጉባኤ ተቐባልነት ይህልዎም፡

# ምዕራፍ 8

## *ስርዓት ኣኼባታትን ውሳነታትን*

1. **ኣኼባ ጉጅለታት**
   i. ጉጅለ ብዉሑዱ ሓደ ግዜ ኣብ ወርሒ ምዱብ ኣኼባ ኣባላት ተካይድ። ከም ኣድላይነቱ፡ ኣብ ወቕቲ ዕረፍቲ፡ ናይ ወርሒ ዕረፍቲ ኪውሰን ይከኣል፡
2. **ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባላት ግንባር**
   i. ኣብ ሰለስተ ወርሒ እንተነውሐ ከኣ ኣብ ሽዱሽተ ወርሓዊ ንውህደትን ገምጋምን ዝዓለመ ብደረጃ ናይ ጉጅለ ጽፍሒ (ከባቢ/ዞባ)፡ ናይ ኩሎም ኣባላት ህግደፍ (ዓበይትን መንእሰያትን)ኣኼባ ይካየድ፡

ii. ኣብ ሰለስተ ወርሒ ሓደ ግዜ፡ ቤትጽሓፈት ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ምስ ኩሎም ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ ሽወደን (ብመራኸቢ ቴክኖሎጂ) ኣኼባ ይገብር፡

**3. ኣኼባታት መሪሕቲ ጉጅለ**

i. መሪሕቲ ኩለን ጉጅለታት ኣብ ክልተ ወርሒ (ብመራኸቢ ተክኖሎጂ) ሓደ ግዜ ምዱብ ኣኼባ ተካይድ፡ ኣኼባ ብሽማግለ ጨንፈር ይምራሕ። ቤ/ጽ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ኣኼባ ይሳተፍ፡

ii. ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ኣኼባታት መሪሕነት ጉጅለታት ብኣካል ተካይድ፡

**4. ኣኼባታት ሽማግለ ጨንፈር**

i. ሽማግለ ጨንፈር ኣብ ወርሒ ሓደ ጊዘ (ብመራኸቢ ተክኖሎጂ) ተራኺባ ስረሓታ ትግምግምን መደባት ስራሕ ትሕንጽጽን፡

**5. ውሳነታት**

i. ውሳነታት ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ዘድሊ ክትዓት ድሕሪ ምክያዱ፡ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፡ ብተዛማዲ ብዝሒ ድምጺ ይሓልፍ፡

ii. ውሳነ ኣብ ምሕላፍ ማዕረ ድምጺ ምስ ዘጋጥም ድማ ኣቦ-መንበር ዘድምጸሉ ወገን ይስዕር፡

iii. ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ንዝሓለፈ ውሳነታት ንምቕያር 2/3 ድምጺ ይሓትት፡

iv. ዝኾነ ርእይትኡን ሓሳባቱን ኣብ ድምጺ ዘይተዓወተ ኣባል፡ በቲ ዝሓለፈ ውሳኔ ተቐይዱ ክሰርሕ ይግደድ፡

# <u>ምዕራፍ 9</u>

## <u>*ዕማማዊ ኮሚቴታት*</u>

i. ብደረጃ ጨንፈር ይኹን ደረጃ ጉጅለ ዝቖማ ኮሚተታት ከም ዓቕምን ኣገዳስነትን ይሰርሓ። ኮሚቴታት ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ኣኼባ ጉጅለ ይምረጹ።

ii. ኮሚቴታት፡ ካብ ላዕለዎት ኣካላት ዝመጽእ መምርሕታት ምስ ኩነታት ጨንፈርን ጉጅለን ዝሰማማዕ መደብ ኣውጺኦም ኣብ ግብሪ የውዕሉ።

iii. ነፍሲ ወከፍ ኮሚቴ ከከም ኩነታት ኣኼባ ተካይድ። ኣብ ዝካየድ ኣኼባ ጸብጻብ ስራሓታ ትግምግም መጻኢ መደብ ድማ ትሕንጽጽ። ንቕጻሊ ውድባዊ ምዕባለ፡ ሓደስቲ ንጥፈታትን ኣገባብታትን ምቕራብ

iv. ሓለፍቲ ኮሚቴታት ምስ ሓለፍቲ ጨንፈር/ጉጅለ በብግዚኡ ርክብ የካየድ።

ጨንፈር/ጉጅለ/ ከከም ኣድላይነቱ እዘን ዝስዕባ ኮሚቴታት የቖማ።

1. ንቕሓት ዜናን ሓበሬታን
2. ጎስጓስን ውደባን
3. ድለባ

**1. ንቕሓት ዜናን ሓበሬታን**

i. ካብ ቤት ጽሕፈት ዝመጽእ ጽሑፋትን ካልእ ፖለቲካ ሓዘል መደባት ምድላውን ምዝርጋሕን፡ ተግባራውነቶም ይከታተል።

ii. ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባላት ዝወሃብ ትምህርታውን ሓበሬታውን ኣስተምህሮታት ይከታተል፡

iii. በብግዚኡ እዋናዊ ሰሚናራት ኣባላት ምድላው።

iv. ኣገደስቲ ኣርእስታት ከም ቁጠባ፡ ባህሊ፡ መንነት፡ ማሕበር ኮም ካልእ ኣገደስቲ ኣርእስትታት የቕርብ

v. ምስ ቤት ጽሕፈት ብምርድዳእ፡ ሞያውያን ክኢላታት ሃገራውያን ብምዕዳም ዝተፈላለየ ሰሚናራት ንኣባላት ምድላው።

vi. ቻርተርን ቅዋምን ህ.ግ.ደ.ፍ ብምሙርካስ ንህዝቢ ዝተፈላለየ ብልሓት ተብርህን ትዕድምን።

i. ኣብ ከባቢና ዝካየድ ዜናን ሓበረታትን ትከታተል፡ ኣብ ናይ ከባቢ ንጥፈታት ዜና ትዋሳእ

ii. ምስ ጉጅለታተ ብምውህሃድ፡ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣባላት ነዊሕን ኣሰልቻውን ከይከውን፡ ሓጸርቲ ናይ ምዝንጋዕ፡ ግጥምታት፡ ጽሑፋት ካልእ ዝተመሳሰለ መደባት ተዳሉ

**2. ጎስጓስን ምውዳብን ኮሚተ**

i. ኣባላት ምስ ውድባዊ ንጥፈታት ዘለዎም ምትእስሳር ይከታተል

ii. ዝዛሕተሉን ዝደኸሙን ኣባላት ንምብርባር ዝግበር መደባት ይኽታተል
iii. ሓደስቲ ኣባላት ንምውዳብ መደባት የውጽእ ይኽታተል
iv. ብዕድመ ይኹን ብጥዕና ዝደኸሙ ኣባላት የለሊን ዝርዝራት የዳሉን
v. ኣባላትና ሓዘን ይኹን ካልእ ጸገማት ምስ ዘጋጥሞም፡ ኣባላት ከምዝፈልጡ ብምግባር፡ ንዝሓዘኑ ንምጽንናዕ ዘድሊ መደባት የቕርብ
vi. ኣባላት ኣብ እዋን መርዓን ካልእ ናይ ማሕበራዊ ውራያት ኣብ ዝገብሩሉ ዘድሊ ምድግጋፍ ከምዝግበረሎምን ኣባላት ተኻፈልቲ ከምዝኾኑ የተባብዕ
vii. ንኮሚቴ ምውዳብን ጎስጓስን ይመርሕን ይኽታተልን

**3. ድለባ**

i. ፊናንስያዊ ዓቕሚ ጉጅለን ጨንፈርን ክብ ንምባል ዝተፈላለዩ ናይ ገንዘብ ድለባ መደባት ምቕራብን ምትግባርን

# ምዕራፍ 10

## ውድባዊ መትከላት

1. **ዲሞክራሲያዊ ማእከልነት**
ዉሑዳት ንቡዙሓት፡ ታሕተዎት ንላዕለዎት፡ ኩሉም ኣካልት ድማ ንመሪሕነት ይእዘዙ፡
2. **ናይ ሓባር መሪሕነት**
ኩሎም ጽፍሕታት ህ.ግ.ደ.ፍ ብናይ ሓባር መሪሕነት ይቕየዱ። እዚ ማለት፡ ጉዳያት ብሓባራዊ ዘተ ኣብ ውሳነ ምስ በጽሑ፡ ዝኾነ ኣባል ውልቃዊ ርእይቶኡ ብዘየገድስ፡ ነቲ ዝተወስደ ውሳነ ከም ናይ ሓባር ውሳነ ከተግብሮን ኪጣበቐሉን ይግደድ።
3. **ነቐፌታን ርእሰ ነቐፌታን**
   i. ነቐፌታን ርእሰ-ነቐፌታን ከም መተሃናነጺ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ይሰርሓሉ፡
   ii. ዝራኣዩ ጌጋታት ድማ ብሃናጺ መንገዲ ኣብ ዘዝምልከቶም ጽፍሕታት ይቕርብ፡
   iii. ዝኾነ ኣብ ሞንጎ ብጾት ዝህሉ ነቐፌታ፡ ቅድሚ ኣብ ኣኼባ ምውራዱ ብውልቂ ነቲ ዝምልከቶ ኣካል ወይ ውልቀ ኣባል ይቕርበሉን ብምርድዳእ ንምእላዩ ቀዳማይ ስጉምቲ ይውሰድ። እቲ ጉዳይ በዚ ኣገባብ እንተዘይተኣልዩ፡ ግን ኣብ ዝምልከቶ ጽፍሒ ናይ ኣኼባ ብነቐፌታ መልክዕ ይቕርብ፡
   iv. ምቕራብ ነቐፌታ፡ ዚምልከቶ ሰብ ብኣካልን ኣብ ኣኼባን ኪኸውን ዝምረጽ ኣኳ እንተኾነ፡ ናብ ዝምልከቶ ኣባል ብጽሑፍ'ውን ኪቕርብ ይከኣል፡
   v. ዝኾነ ኣባል ንነቐፌታን ነብሰ ነቐፌታን ከም ሃናጺ ውድባዊ መስርሕ ከዘውትር እምበር፡ ከም መተሃላለኺን መጐጃጀልን ሕሜታን እንተተጠቂሙሉ ከም ዓቢ ምጥሓስ ውድባዊ ዲስፕሊን ይቑጸር፡
   vi. ስለዚ፡ ዝኾነ ኣባል ንዝገበሮ ጉድለታት ነብሱ ክነቅፍን፡ ብጻይ ክነቅፍን፡ ኣብ ውሽጢ ውድብ በብጽፍሑ ዚረአ ጉድለታት ኪነቕፍን ውድባዊ መትከልን፡ ግዴታን መሰልን ኣባል ኢዩ፡
   vii. መረዳእታ ኣብ ክብሪ ነቐፌታ ንምዕሟቕ፡ ጉጅለታት ቀጻሊ መደባት ንቕሓት ከካይዳ ይግደዳ፡

# ምዕራፍ 11

## ዲስፕሊን ኣባልነት

**1. ሓፈሻዊ፡**

ኩሉ ኣባል ውድባዊ ስርዓት ህግደፍ ብዝእዝዞ መሰረት ውድባዊ ዲስፕሊን ኣኽቢሩ ኪጉዓዝ ትጽቢት ይግበረሉ። ኣብ'ዚ ዓቢ መትከላዊ ምጽራር እንተኣጋጢሙ፡ ማለት፡ ቀንዲ ውድባዊ መትከላት ዝጥሕስ ዓቢ ጉድለትን ምጽራር ዕላማታትን ዝፈጸመ ሰብ፡ ጉዳዩ ብሽማግለ ጨንፈር ተዘትዩሉ ናብ ቤ/ጽ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ይቕርብ። ዲስፕሊናዊ ስጉምቲ ካብ መጠንቐቕታ፡ ምድስካል ክሳብ ምስራዝ እማመ ኪቕርብ ይኽእል።

ውሽጣዊ ዲስፕሊን፡

"ውድባዊ ስጉምትታት፡ ኣብ ውሽጢ ሂወት ግንባር ንዘጋጥሙ ጌጋታት ንምእራም ካብኡ ዘድሊ ትምህርቲ ንምቕሳምን ዝዓለመ ኮይኑ፡ ኣብ ኣተገባብርኡ ነቲ ዚጋገ ሰብ ካብ ምጽላምን ምህሳይን ክርሒቕ ይግባእ።"

ውድባዊ ድስፕሊናዊ መቕጻዕትታት ከከም ዓይነታትን ደረጃን እቲ ጌጋ ኮይኑ፡ ብሽምዚ ዝስዕብ ይውሰን፡

I. ቀዳማይ መጠንቐቕታ፡
II. ካልኣይ መጠንቐቕታ፡
III. ሳልሳይ መጠንቐቕታ፡
IV. ምድስካል፡
V. ምስጓግ፡

**2. ኣኼባታት ዘይምስታፍ፡**

I. ኣባል ካብ ሽዱሽተ ኣኼባታት ብዘይ ፍቓድን ብቑዕን ምኽንያታት ኣከታቲሉ ኣንተቦኰሩ፡ ብመራሕቲ ጉጅለ ተጸዊዑ ኩነታቱ ይሕተት፡ እቲ ምኽንያት ቅቡል እንተዘየኮይኑ፡ ማዕዳን ነቐፌታን ተዋሂብዎ ከምዝቕጽል ይግበር፡
II. ኣብ ዝቕጽል ሽዱሽተ ተኸታተልቲ ኣኼባታት እንተዘይተሳቲፉ ድማ ጉዳዩ ናብ ጨንፈር ከምዝሓልፍ ይኸውን፡
III. ጨንፈር ዘድሊ መጸዋዕታ ብምግባር ምስ መጠንቐቕታ ዝቕጽል ሽዱሽተ ኣዋርሕ ይከታተሎ። እንተዘይ ተመሓይሹ ድማ ጉዳዩ ኣብ ዝቕጽል ኣኼባ ሽማግለ ጨንፈር ተዘሪቡሉ፡ ናብ ቤ/ት ጽሕፈት ይቐርብ። ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ቤ/ጽ ንእሱ ዞባ ጉዳዩ መርሚሩ ናይ ምስራዝ ውሳነ ከሕልፍ ይኽእል።

**3. ወርሓዊ ክፍሊት ኣባላት፡**

i. ዝኾነ ኣባል ወርሓዊ ክፍሊት ክኸፍል ጉቡኡ ኢዩ።
ii. ርኡይ ጸገም ዘለዎ ኣባል፡ ናብ መራሕቲ ጉጅልኡ ከምዘይክእል ጭብጥታቱ የቕርብ። መራሕቲ ጉጅለ ጉዳዩ ርእዮም ቅቡል ኮይኑ እንተረኺቦሞ፡ ርእይቶታቶም ኣሰኒዮም፡ ናብ ሽማግለ ጨንፈር የቕርብዎ። ምስ ቤ/ጽ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ብምምኽኻር ድማ ኣባል ጸገማቱ ክሳብ ዚፍታሕ ካብ ወርሓዊ ክፍሊት ነጻ ኪኸውን ይኽእል።
iii. ሓደ ኣባል ብዘይ ቅቡል ምኽንታይ ካብ 36 ኣዋርሕ ንላዕሊ ወርሓዊ ክፍሊቱ ዘየማልእ፡ ኩሉ መሰላቱ ይግፈፍ። ብጽሑፍ ድማ መጠንቀቕታ ይወሃቦ፡
iv. ውህሉል ዕዳ ዘለዎ ኣባል፡ ምስ መራሕቲ ጉጅለ ብምርርዳእ ናይ ኣከፋፋል መደብ ይውሰኑሉ፡
v. በዚ ዘይተመሓየሸ ኣባል፡ ጉዳዩ ንድስፕሊናዊ ስጉምቲ ናብ ጨንፈርን ብሰንሰለታዊ ኣገባብ ድማ ናብ ቤ/ጽ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ይሓልፍ፡

**4. ስርዓት ኣኼባ ዘይምኽባር፡**

i. ኩሉ ኣባል ኣኼባ ኣብ ዝህልወሉ ኣብ ሰዓቱ ክርከብን ቦትኡ ኪሕዝን ይግባእ፡
ii. ብዘይ ፍቓድ መራሒ-ኣኼባ ምዝራብ ኣይፍቀድን፡
iii. ኣብ ኣኼባ ብጸይካ ምዝንጋል፡ ምጽራፍ፡ ዓው-ዓው ምባል ኣይፍቀድን፡
iv. ዝኾነ ነዞም ጉድለታት ዚፍጽም ኣባል፡ መራሒ ኣኼባ ካብ ዉሑድ ደቓይቕ ክሳብ ሙሉእ ኣኼባ ከውጽኦን ክእግዶን ይኽእል። ከም ኣድላይነቱ ድማ መጠንቐቕታ ይወሃቦ፡
v. እዚ ዓይነት ጉድለታት ቀጻሊ ምስ ዝኸውን ጉዳዩ ኣብ ሽማግለ ሓሊፉ ይዝተየሉ። ካብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዘይበዝሕ ግዜ ካብ ኣኼባታት ይእገድ ወይ ይድስከል፡
vi. በዚ ዲስፕሊናዊ ስጉምቲ ዘይእረም ኣባል፡ ንዝለዓለ ዲስፕሊናዊ ስጉምቲ ናብ ቤ/ጽ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ይቐርብ፡ ኣብ'ዚ ጽፍሒ እዚ እቲ ጉዳይ ተራእዩ ከኣ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ዲስፕሊናዊ ስጉምቲ ክሳብ ምስራዝ ይብየነሉ፡

# <u>ምዕራፍ 12</u>

## <u>*ምቕባል ኣባልነት*</u>

1. ዝኾነ ብናጽነትን ልኡላውነትን ሃገራዊ ስኒትን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ዝኣምንን፡ ንሃገራዊ ቻርተር፡ ውድባዊ መትከላትን ዕላማታትን ህግደፍ ዜቕበል፡ ልዕሊ 18 ዕድመ ዜርከብ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ንኣባልነት ኪሓትት መሰል ኣለዎ።
2. ክውድብ ዚሓትት ዜጋ፡ ቅድሚ ምውዳቡ ቀንዲ ዕላማታት ሃገራዊ ቻርተር ኣንቢቡ ኪርድኦን ኪቕበሎን ንምትግባሩ ኪሰርሕን ድልዉነቱ ከረጋግጽ ይግባእ።

3. ዝኾነ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ቅጥዒ ምውዳብ ኣማሊኡ ምስተመዝገበ፡ ኣባልነቱ ይጸድቀሉ። ዝተመልአ ኦርኒክ ኣባልነት (ክልተ ቅዳሕ) ምስ 6 ስእሊ ናብ ቤ/ጽ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ይርከብ።
4. ዝኾነ ኣባል መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ዝነብረሉ ቦታ፡ ናብ ጉጅለታት ግንባር ክሰጋገር መሰል ኣለዎ። ዕድሚኦም ዝኣኸሉ መንእሰያት መሰጋገሪ ኣገባብ ምስ ጉጅለታት መንእሰያት ምስምማዕ ።

# ምዕራፍ 13

## *ምስራዝ ወይ ምስሓብ ኣባልነት*

ሓደ ኣባል በዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ንምስራዝ ኪሕጸ ይከኣል።

i. ተጻባኢ መርገጺ እንተወሲዱ፡
ii. ጉቡኣት ኣባልነት ብዘይ ምኽንያት ኣብ ምምላእ እንተፈሺሉ፡
iii. ብሞት እንተተፈልዩ፡
iv. ብፍላጥ ውድባዊ ምስጢራት እንተዘርዩ፡
v. ብውልቃዊ ምኽንያት ኣባልነቱ ክስሕብ እንተሓቲቱ፡

ምስራዝ፡ ብምጽዳቕ ቤ/ጽ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ጥራይ ዚትግበር ውድባዊ ዲስፐሊናዊ ስጉምቲ (መቕጻእቲ) ኢዩ።

# ምዕራፍ 14

## *ሓፈሻዊ ሕግታት፡*

1. ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ኣብ ምእላይ ዝጸንሑ ኣባላት፡ ኣብ ዝወርዱሉ ወይ ዝቕየሩሉ ግዜ ኩሉ መዛግብን ሰነዳትን ንተካእቶም ከረክቡ ይግባእ። ሰንዳት ውድብ ኣብ ኢድካ ምትራፍ ብሕጊ የሕትት።
2. ካብ ኣኼባታት ዚተኣገደ ወይ ዚደስከለ ኣባል ግቡኡ እንዳማለአ፡ ኩሉ መሰላቱ ይግፈፍ።
3. ኣብ'ዚ መምርሒ እዚ ዚኾነ ኣካታዒ ትርጉም እንተተረኺቡ፡ ዝለዓለ ናይ ምትርጓም ስልጣን ዚህልዎ፡ ቤት ጽሕፈት ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ስካንዲናቭያ ኢዩ።
4. እዚ ውሽጣዊ መምርሒ'ዚ ኣብ ጉባኤ ካብ ዚጸድቐሉ መዓልቲን ሰዓትን ኣብ ግብሪ ይወዕል።

26 መጋቢት 2017